Utdannings-
direktoratet

# ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ኖርወይ

## ካብ ፈለማ ቍልዕነት ኣትሒዙ ክሳዕ እኩላት መንእሰያት

ሓበሬታ ነቶም ሓደስቲ ዝመጹ ወለድን ሞጉዚታትን



## ትሕዝቶታት

ናይ ፈለማ ቍልዕነት ትምህርትን ክንክንን (ዕድመ 0–6) ብቃንቃ ነርወይ: barnehage ................................... 3
መባእታዊን ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃን ትምህርቲ (ዕድመ 6–16) ብቃንቃ ነርወይ: grunnskole ........................ 3
ኣብ መባእታዊን ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃን ቤት-ትምህርቲ ናይ ምክፋል መሰልን ግዴታን ................................ 4
ግምገማታትን ነጥብታትን ........................................................................................................ 4
መደባት ቅድመን ድሕረን ትምህርቲ (ብቃንቃ ነርወይ: SFO) ............................................................ 4
ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንመንእሰያት (ዕድመ 16–24) ብቃንቃ ነርወይ: videregående opplæring .. 4
ንላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ምምልካት ........................................................................ 5
መደባት ንሓፈሻዊ መጽናዕቲ (ብቃንቃ ነርወይ: studieforberedende utdanningsprogram) .................... 5
መደባት ሞያዊ ትምህርቲ (ብቃንቃ ነርወይ: yrkesfaglige utdanningsprogram) .................................... 6
መሰላት ኵሎም ተማሃሮ ............................................................................................................ 6
ፍሉይ ናይ ቋንቋ ስልጠና .......................................................................................................... 6
ኣብ መባእታዊ፣ ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ከምኡ'ውን ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝግበር ናይ መእተዊ ደገፍ ........................................................................................ 7
ፍሉይ ትምህርቲ .................................................................................................................... 7
ውሕስን ኣወንታውን ናይ ትምህርቲ ሃዋሁ ................................................................................... 7
ምትሕብባር ኣብ መንጎ እቲ ቤት ትምህርትን ቤትን ........................................................................ 7

## ናይ ፈለማ ቍልዕነት ትምህርትን ክንክንን (ዕድመ 0–6)
## ብቃንቃ ኖርወይ: BARNEHAGE

መብዛሕትኦም ኣብ ኖርወይ ዝነብሩ ቈልዑ ኣብታ 6 ዓመት ዕድመ ዝመልኡላ ዓመት-ትምህርቲ ክሳዕ ዝጅምሩ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ኣጸድ ህጻናት ተባሂሉ ዝጽዋዕ፣ ናይ ፈለማ ቍልዕነት ትምህርትን ክንክንን ይካፈሉ ኢዮም።

ኣብ ኣጸድ-ህጻናት ቖልዑ ትምህርቲ፣ ጸወታ፣ ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ ማሕበራውን ባህላውን ንጥፈታት ብዘጣጥሑ ብቑዓት ሰራሕተኛታት ይከናኸኑ። ኣብ ኣጸድ-ህጻናት እቶም ቈልዑ ኣብ ዉሽጥን ግዳምን ግዜ የሕልፉ ኢዮም። ኣጸድ-ህጻናት ንዕቤት ቛንቋ ቈልዑን፣ ማሕበራውን ኣካላውን ኣገዳሲ ኢዩ።

ኣብ መንጎ ወለዲን ወይ ሞጉዚታትን ኣጸድ-ህጻናት ምትሕብባርን ምይይጥን ኣገዳሲ ኢዩ። እቲ ኣጸድ-ህጻናት ንድሌት እቲ ቆልዓ ብውጽኢታዊ መገዲ ንምእንጋድ፣ ብዛዕባ ኣተዓባብያ እቲ ቆልዓ ከም መበቈልን ካልእ ዝዝረብ ቋንቋታትን፣ ተገዳስነትን፣ ክህሉ ዝኽእል ብድሆታትን ሓበሬታ የድልዮ። ብዘይካዚ እቲ ኣጸድ-ህጻናት ንወለድን/ሞጉዚታትን ብዛዕባ መዓልታዊ-ንጥፈታትን ዕቤትን እቲ ቆልዓ ሓበሬታ ክህቦም ኢዩ።

ኵሎም ቈልዑ ኣብ ኣጸድ-ህጻናት ሰላምን ጥዕናን ዘለዎ ሃዋህው ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። እቲ ኣጸድ-ህጻናት ዝሓቑፍ ማሕበረሰብ የደንፍዕ ከምኡ'ዉን ምጉብዕባዕን ካልእ ጐዳኢ ጠባያትን ድማ ይከላኸል። ሓደ ቆልዓ ካብ ካልኦት ቈልዑ ወይ ዓበይቲ ንምጉብዕባዕን ካልእ ጐዳኢ ጠባያትን ኣደዳ እንተ ኮይኑ፣ እቲ ኣጸድ-ህጻናት ኣብዚ መዳይ ስጉምቲ ክወስድ ግዴታ ኣለዎ።

ፍሉይ ነገራት ዘድልዮም ቈልዑ ፍሉይ ትምህርታዊ ደገፍን መምርሕን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። እዚ ነቶም ኣብ ኣጸድ-ህጻናት ዘይተመዝገቡ ቈልዑ'ውን ዝምልከት ኢዩ። እቲ ዝወሃብ ሓገዝ ምስቲ እቲ ቆልዓ ዘድልዮ ነገራት zዝተሰማማዐ ኢዩ።

ክልቲኡ ህዝባዊን ናይ ግልን ኣጸድ-ህጻናት ኣሎ። ብዛዕባ መሰላትን፣ መመልከቲ ወረቐትን፣ ክፍሊት ወለድን ኣብ ማሕበረሰብካ ዘሎ ኣማራጺታትን ዝርዝር ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ምስ ምምሕዳር ከተማኻ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ።

## መባእታዊን ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃን ትምህርቲ (ዕድመ 6–16)
## ብቃንቃ ነርወይ: GRUNNSKOLE

ካብ 6-16 ዝዕድሚኦም ቈልዑን መንእሰያትን መባእታዊን ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃን ትምህርቲ ናይ ምርካብ መሰልን ግዴታን ኣለዎም። እቲ ምምሕዳር ከተማ ንኩሎም ቈልዑ ብናጻ፣ ህዝባዊ መባእታዊ፡ ታሕተዋይን፡ ካልኣይ-ደረጃን ትምህርቲ ይቕርበሎም ኢዩ። ናይ ግሊ ኣብያተ ትምህርቲ መብዛሕትኡ ግዜ ክፍሊት የኽፍላ እየን።

ቈልዑ መብዛሕትኡ ግዜ 6 ዓመት ኣብ ዝመልእሉ ዕድም ትምህርቲ ይጅምሩ። መባእታዊ ቤት-ትምህርቲ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሻውዓይ ክፍሊ ሸውዓተ ዓመት ይወስድ። ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ካብ 8ይ ክሳብ 10 ክፍሊ፣ ሰለስተ ዓመት ይወስድ።

እቲ ዓመተ-ትምህርቲ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መፋርቕ ነሓሰ ይጅምር፡ ኣብ መፋርቕ ሰነ ድማ ይዛዘም። ኣብቲ ዓመት ትምህርቲ ናብ ኖርወይ ዝመጹ ቈልዑን መንእሰያትን፣ ብዝተኻእሎም መጠን ቀልጢፎም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክምዝገቡ እዮም።

**ኣብ መባእታዊን ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃን ቤት-ትምህርቲ ናይ ምክፋል መሰልን ግዴታን**
ናብ ኖርወይ ዝመጹ ቆልዑን መንእሰያትን ኣብታ ሃገር ንልዕሊ ሰለስተ ወርሒ ክጸንሑ ዝኽእሉ እንተ ኮይኖም ኣብ መባእታዊን ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃን ቤት-ትምህርቲ ክመሃሩ መሰል ኣለዎም።

እቲ ምምሕዳር ከተማ ነቲ ቆልዓ ብዝተኻእሎ መጠን ቀልጢፉን ናብታ ሃገር ካብ ዝመጽአ ሓደ ወርሒ ኣብ ዘይመልእ ግዜን ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክምዝግቦ ይግደድ ኢዩ።

ቈልዑን መንእሰያትን ኣብ ኖርወይ ንሰለስተ ወርሒ ምስ ተቐመጡ፣ ኣብ ህዝባዊ መባእታዊ ወይ ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ወይ ኣብ ተመሳሳሊ ናይ ትምህርቲ ትካል ናይ ምክፋል ግዴታ ኣለዎም።

**ግምገማታትን ነጥብታትን**
ኣብ መባእታዊ ቤት-ትምህርቲ፣ ተመሃሮ ብዘይ ነጥቢ ግምገማታት ይወሃቦም ኢዩ። ኣብ ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ፣ ተመሃሮ ክልቲኡ ምስ ነጥቢን ብዘይ ነጥቢን ግምገማታት ይወሃቦም ኢዩ።

ተመሃሮ ናብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ከመልክቱ ከለዉ ካብ ታሕተዋይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዝወሃብ ነጥቢ ይጥቀሙሉ እዮም። እቲ ናይ ነጥቢ መለክዒ ካብ 1 ክሳዕ 6 ኢዩ፣ 6 ከኣ ዝለዓለ ክርከብ ዝኽእል ነጥቢ ኢዩ።

**መደባት ቅድመን ድሕረን ትምህርቲ (ብቃንቃ ነርወይ: SFO)**
SFO ኣብ ክልቲኡ ቅድመን፡ ድሕረን ትምህርቲ ይወሃብ ከምኡ'ዉን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ብቕዓት ዘለዎም ሰራሕተኛታት ከኣ ናይ ጸወታን ባህላውን መዘናግዕን ንጥፈታት የጣጥሕ። SFO መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ወይ ኣብ ህንጻታት እቲ ቤት-ትምህርቲ ኢዩ ዝፍጸም።

መብዛሕትኣን ምምሕዳራት ከተማ ንኩሎም እቶም ካብ 1-4 ክፍሊ ዘለዉ ቈልዑን ከምኡ'ውን ነቶም ኣብ 1-7 ክፍሊ ፍሉይ ሓገዝ ዘድልዮም  ቈልዑ SFO ይህባኦም ኢየን።

መደባት ቅድመን ድሕረን ትምህርቲ ከከም ዕድመ ቈልዑን፡ ደረጃ ተግባርነትን ጸወታ፣ ትምህርትን ከምኡ'ውን እተፈላለየ ማሕበራውን ባህላውን ንጥፈታት የጣጥሑ። እቲ መደባት ምቅርራብን ምሕዝነትን የተባብዕ ኢዩ፣ ንማሕበራውን፣ ባህላውን፣ ንምዕባለ ናይ ቆልዑ፡ ማሕበራዊን ባህላዊን ምዕባለ ውን ኣገዳሲ ኢዩ።

ተሰታፍነት ቅድመን፡ ድሕረን ትምህርቲ ዝግበር መደባት ብፍታው ኢዩ። ብዛዕባ እቲ ኣብ SFO ምክፋልን ናይ ወለዲ ክፍሊትን ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ንምምሕዳር ናይ ከተማኻ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

## ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንመንእሰያት (ዕድመ 16–24)
## ብቃንቃ ነርወይ: VIDEREGÅENDE OPPLÆRING

ኣብ ኖርወይ ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ወይ ኣብ ካልእ ሃገር ተመሳሳሊ ትምህርቲ ዝወድኡ መንእሰያት ናይ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

እዚ ነቶም ኣብ ካልእ ሃገር ከም ሓፈሻዊ ምስክር ወረቐት ዩኒቨርሲቲን፡ ምእታዉ ኮለጅን፡ ወይ ከም ናይ ሞያ ብቕዓት ጌርካ ኣብ ኖርወይ ዘይርአ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝወድኡ'ውን ዝምልከት ኢዩ።

መብዛሕትኦም ተማሃሮ ደቂ16 ዓመት ክኾኑ ከለዉ ኢዮም ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዝምዝገቡ። ብዕድመ እኹላት ኣመልከትቲ (25 ዓመትን ካብኡ ንላዕሊን ዝዕድሚኦም) ብፍላይ ንዓበይቲ ኣብ ዝተመደበ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንኽካፈሉ ዕድል ክረኽቡ ይኽእሉ ኢዮም።

ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ንኽትምዝገብ መሰል ንምርካብ፣ ኣብ ኖርወይ ሕጋዊ መንበሪ የድሊ። እቶም ናይ መንበሪ ፍቓድ ኣመልኪቶም ኣብታ ሃገር ዝጸንሑ መንእሰያት ትሕቲ 18 ዓመትን፣ ኣብታ ሃገር ከኣ ንልዕሊ ሰለስተ ወርሒ ዝጸንሑ እተኾይኖም፡ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። እቶም ናይ መንበሪ ፍቓድ ክሳዕ ዝውሰን ኣብታ ሃገር ዝጸንሑን ኣብታ ዓመት 18 ዓመት ዝመልኡን መንእሰያት፣ ኣብቲ ዓመት ትምህርቲ ክውድኡ መሰል ኣለዎም።

## ንላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ምምልካት

ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ሓፈሻዊ መጽናዕትን ሞያዊ ትምህርቲን ኣብ ዝወሃብ መደባት ይምቕል። እታ ቀዳመይቲ ዓመት "vg1" ተባሂላ ትጽዋዕ እቲ ኣመልካቲ ከኣ ነተን ናይ መጀመርታ ሰለስተ ምርጫታት ናይ ዝተፈላለየ መደባት ይሕብር ከምኡ'ዉን ኣብ ሓንቲ ካብኡ ተቐባልነት ናይ ምርካብ መሰል ድማ ኣለዎ። እቲ ተመሃራይ ንነፍሲ ወከፍ ዓመት ከመልክት ኣለዎ (vg1, vg2 ከምኡ'ውን vg3)።

ከም ሕጊ፣ መንእሰያት ኣብቲ ዝነብሩሉ ኣውራጃ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ንክመሃሩ የመልክቱ። ሰበ-ስልጣን እቲ ኣውራጃ ብናጻ፣ ህዝባዊ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ናይ ምሃብ ሓላፍነት ኣለዎም። መብዛሕትኡ ግዜ ክፍሊት ዘኽፍላ ብርእሰን ዝመሓደራ ኣብያተ - ትምህርቲ'ውን ኣለዋ።

ናብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ንምእታው ዝቐርብ መወዳእታ ዕለት መመልከቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት 1 ለካቲት ወይ 1 መጋቢት ኢዩ። እቲ ናይ 1 ለካቲት መወዳእታ ዕለት መመልከቲ ነቶም ኣብዚ ቀረባ ግዜ ናብ ኖርወይ ዝመጹ፣ ብምኽንያት ፍሉይ ናይ ቋንቋ ስልጠና ካብ ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሕጽረት ነጥቢ ዘለዎም ወይ ከኣ ንናይ ውልቃዊ ግምገማ ናይ መመልከቲኦም ዝተሰየሙ ተማሃሮ ኣብ ሞንጎ ካልኦት ዝምልከት ኢዩ።

ብዛዕባ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትን፣ መስርሕ መመልከቲን፡ ምቕባልን ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ፣ በጃኻ ምስ ሰበ-ስልጣን ኣውራጃኻ ተራኸብ ወይ ከኣ ናብቲ ብዝተፈላለየ ቛንቋታት ሓበሬታ ዝህብ www.vilbli.no ብጸሕ።

## መደባት ንሓፈሻዊ መጽናዕቲ (ብቃንቃ ነርወይ: studieforberedende utdanningsprogram)

መደባት ናይ ሓፈሻዊ መጽናዕቲ ሓፈሻዊ ወይ ብንጹር ዩኒቨርሲቲን ኮለጅን ከም ዝኣትዉ ዘረጋግጽ ኢዩ። ተማሃሮ ኣብ ኮለጃትን ዩኒቨርሲቲታትን ዝለዓለ ትምህርቲ ንምርካብ ከመልክቱ ከለዉ ካብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዝወሃብ ነጥቢ ይጥቀሙሉ እዮም።

እቲ መደባት ናይ ሓፈሻዊ መጽናዕቲ ናይ ሰለስተ ዓመት ንቡር ንውሓት ትምህርቲ ኣለዎ።

እቶም ኣመልከትቲ ካብዚ ዝስዕብ መደባት ናይ ሓፈሻዊ መጽናዕቲ ክመርጹ ይኽእሉ እዮም፥

- ኣብ ሓፈሻዊ መጽናዕትታት ፍሉይ ክእለት
- ስነ-ጥበብ፣ ንድፊን፣ ስነ-ህንጻን
- ስፖርትን ኣካላዊ ትምህርትን
- ሙዚቃ፣ ሳዕስዒትን ድራማን
- መራኸቢ ብዙሓንን መራኽብን

**መደባት ሞያዊ ትምህርቲ (ብቃንቃ ኖርወይ: yrkesfaglige utdanningsprogram)**
እቲ መደባት ሞያዊ ትምህርቲ፣ ምስክር ወረቐት ንግዲ ወይ ምስክር ወረቐት ተጓዓዛይ ይሃሉ ወይ ኣይሃሉ ናይ ሞያ ብቕዓት ይህብ ኢዩ። ናይ ሞያ ተመክሮ ነቲ ውልቀ-ሰብ ሞያ ንክለማመድ ዘኽእል ብቕዓት ይህብ።

እቲ መደባት ሞያዊ ትምህርቲ ናይ ሰለስተ ዓመት ንቡር ንውሓት ምምሃር ክፍለ ቤት-ትምህርቲ ወይ ናይ ክልተ ዓመት ምምሃር ክፍለ ቤት-ትምህርቲ ከምኡ'ውን ኣብ ሓደ ኩባንያ ናይ ክልተ ዓመት ልምምድ ኣለዎ። ሓፈሻዊ ዩኒቨርሲቲን ኮለጅን ንክኣትዉ ኣብ ዝግበር ተወሳኺ ፕሮግራም'ውን ክትምዝገብ ትኽእል ኢኻ።

ኣመልከትቲ ካብዚ ዝስዕብ መደባት ትምህርቲ ሞያ ክመርጹ ይኽእሉ እዮም፥

- ህንጻን ህንጸትን
- ናይ ኤለክትሪክ ምህንድስናን ናይ ኮምፒዩተር ተክኖሎጂን
- ምቕምቃም፣ ስነ-ጽባቐ፣ ውሽጣዊን መሸጣን ንድፊ
- ክንክን ጥዕናን፣ ዕቤት ቍልዕነትን መንእሰያትን
- ኢደ ጥበብ፣ ንድፍን ምዕባለ ፍርያትን
- ሓበሬታ ተክኖሎጅን ፍርያት መራኸቢ ብዙሓንን
- ሕርሻ፣ ምግፋፍ ዓሳን፡ ስነ-ገረብን
- ቤት-ምግቢን፡ ኣሰራርሓ ምግብን
- መሸጣታት፣ ኣገልግሎትን ዑደን
- ተክኖሎጅያዊን ኢንዱስትርያዊን ፍርያት

## መሰላት ኵሎም ተማሃሮ

እዚ መሰላት እዚ ነቶም ኣብ መባእታዊ፣ ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃ ከምኡ'ውን ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝርከቡ ተማሃሮ ይምልከት።

**ፍሉይ ናይ ቋንቋ ስልጠና**
ካብ ኖርወይኛ ወይ ሳሚ ካልእ ቋንቋ ኣደ ዘለዎም፣ ኖርወይኛ ዘይዛረቡ ወይ ሕጽረት ክእለታት ቃንቃ ኖርወይኛ ዘለዎም ተማሃሮ፣ ፍሉይ ናይ ቋንቋ ስልጠና ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። ኖርወይኛኦም ኣብቲ ስሩዕ ትምህርቲ ክካፈሉን ካብቲ ስሩዕ ትምህርቲ ክጥቀሙን እኹል ክሳዕ ዝኸዉን እቲ መሰል ኣብ ስራሕ ይውዕል እዩ።

ፍሉይ ናይ ቋንቋ ስልጠና ተወሳኺ ስልጠና ኖርወይኛ ዘጠቓልል ኢዩ፣ ከምኡ'ዉን እዚ ዝስዕብ'ውን ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል ኢዩ፥

- ትምህርቲ ኣብ ቛንቋ ኣደ እቲ ተመሃራይ
- ድርብ-ቛንቋ ትምህርቲ – ኣብ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዓይነት ትምህርቲ ኖርወይኛን ከምኡ'ዉን ኣብቲ እቲ ተማሃራይ ዝክሎ ቋንቋ ዝወሃብን ዘጣምር ምምሃር

እቲ ቤት-ትምህርቲ ነቲ ተመሃራይ እንታይ ዓይነት ፍሉይ ቋንቋ ክምህር ከም ዘለዎ ንምውሳን ክእለት እቲ ተመሃራይ ኖርወይኛ ክግምግም ይድለ ኢዩ።

### ኣብ መባእታዊ፣ ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ከምኡ'ውን ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝግበር ናይ መእተዊ ደገፍ

ናብ ኖርወይ ዝመጹ ቈልዑን መንእሰያትን፣ ክሳዕ ክልተ ዓመት ኣብ እተፈላለየ ጉጅለታት፣ ክፍሊታት ወይ ኣብያተ ትምህርቲ ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። ዕላማኡ ስሩዕ ኣብያተ ትምህርቲ ወይ ክፍሊታት ቅድሚ ምእታውካ፣ ቋንቋ ኖርወይኛ ቀልጢፍካ ምምሃር ኢዩ።

እቲ ቆልዓ/መንእሰይ ከምኡ'ውን ወለዱ(ዳ) ወይ መጉዚቱ(ታ)፣ ብዛዕባ ትሕዝቶ እቲ ናይ መእተዊ መደብ ኣጸቢቖም ክሕብሩ ኣለዎም፣ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ መደብ ንኽኣትዉ ድማ ፍቓደኛታት ክኾኑ ኣለዎም። እቲ ቆልዓ/መንእሰይ ከምኡ'ውን ወለዱ(ዳ) ወይ መጉዚቱ(ታ)፣ ኣብ ክንዳኡ ናብቲ ስሩዕ ቤት-ትምህርቲ ወይ ክፍሊታት ክኣትዉ ይመርጹ ይኾኑ።

### ፍሉይ ትምህርቲ

እቶም ካብቲ ስሩዕ ትምህርቲ እኹል ረብሓ ክረኽቡ ዘይከኣሉ ወይ ዘይተጠቀሙ ተማሃሮ፣ ፍሉይ ትምህርቲ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። ፍሉይ ትምህርቲ ክበሃል ከሎ እቲ መምህር ወይ ሓጋዚ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ነቲ ተመሃራይ ዘከታተሎን ዝሕግዞን ወይ ከኣ እቲ ተመሃራይ ፍሉይ ምትዕርራይ እተገብረሉ መሳርሒታት ዝወሃቦ፣ እቲ ተመሃራይ ብውልቂ ኣብ ብዓቕን ዝተዳለወ ዕላማታት ትምህርቲ ይዓዪ ማለት ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ፍሉይ ትምህርቲ ምስቲ ተመሃራይ ዘድልዮ ፍሉይ ነገራት ዝሰማማዕ ኢዩ።

### ውሑስን ኣወንታውን ናይ ትምህርቲ ሃዋሁ

ኵሎም ተማሃሮ ጽቡቕ ጥዕናን፣ ድሕንነትን ትምህርትን ዘደንፍዕ ውሑስን ኣወንታውን ናይ ትምህርቲ ሃዋሁ ክህልዎም መሰል ኣለዎም። እቲ ተመሃራይ ብዛዕባ ኣከባቢ ቤት-ትምህርቲ ዘሕለፎ ተመክሮ እዩ ዘገድስ። ኵሎም ተማሃሮ ይምልከቶም ከም ዝኾነ ስምዒት ክስምዖ ኣለዎ። ምጉዕግብዓን ካልእ ጐዳኢ ጠባያትን ናይ ምክልኻል ሓላፍነት ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ኢዩ። ሓደ ተመሃራይ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ውሑስነት ወይ ድሕንነት እንተ ዘይተሰሚዕዎ እቲ ቤት-ትምህርቲ ነቲ ኩነታት ክቈጻጸሮን ስጉምቲ ክወስድን ኣለዎ።

### ምትሕብባር ኣብ መንጎ እቲ ቤት ትምህርትን ቤትን

ኣብ መንጎ እቲ ቤት-ትምህርቲ፣ ተማሃራይን ወለዲታት ወይ መጉዚታት ምትሕብባር ኣገዳሲ እዩ። እዚ ከኣ እቲ ቤት-ትምህርቲ ነቲ ተመሃራይ ብዝበለጸ ንኽድግፎ ይሕግዞ ከምኡ'ዉን ጽቡቕ ትምህርታዊን ማሕበራውን ዕቤት ንክገብር ድማ ኣበርክቶ ይገብረሉ።

ወለዲታት ወይ መጉዚታት ምስ ቤት ትምህርትን ውሉድን፣ ከምኡ'ዉን ኣብ ክፍሊ ወይ ጉጅለ እቲ ቆልዓ ዘለዎ ንኵሎም ወለዲ ኣብ ዝግበር ኩሉ ኣኼባታት ወለዲ ናይ ምዕባይ ዝርርብ ክካፈሉ ግዴታ ኣለዎም።

ወለዲታት ወይ መጉዚታት ብዛዕባ ትምህርትን ዕቤትን ውሉዶም ዝኾነ ሕቶታት ወይ ዘተሓሳስብ ነገራት እንተለዉ ምስቲ ቤት-ትምህርቲ ክራኸቡ ኩሉ ግዜ ቅቡላት ኢዮም።

Utdannings-
direktoratet